ቤት ፅሕፈት ል/እ/ምም/ር ፋይናንስ ወረዳ ቐይሕ ተኽሊ ኣብ በጀት ዓመት 2016/2017 ዓ/ም ናይ ተሸከርካርቲ መካይንን ሞተር ሳይክልን ፅገና ናይ ጉልበት ዋጋ ብግልፂ ጨረታ ኣዋዳዲሩ ከፅግን ወይ ግልጋሎት ክረክብ ይደሊ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ነሓሰ 17, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ነሓሰ 27, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ንመኪና 5000 ንሞተር ሳይክል 3,000
- ቦታ:ኣክሱም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:ንመኪና ፅገና 200 ንሞተር ሳይክል ፅገና 150
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ነሓሰ 27, 2016 5:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ፅገና ሞተርሳይክል/ ፅገና ተሸከርካሪ/

ቁፅሪ 302/02/2016

ዕለት 17/12/2016

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ዋኒኑ ፣ ፃውዒት ጨረታ ምዕዳም

• ጨረታ ሰነድ ቁፅሪ 01

• ዓይነት ሜላ ዕደጋ ግልፂ ጨረታ

• ዓይነት ዕደጋ። ናይ ተሸከርካርቲ ቶዮታ መካይንን ሞተር ሳይኽልን ዕገና ናይ ጉልበት ዋጋ

ቤት ፅሕፈት ል/እ/ምም/ር ፋይናንስ ወረዳ ቐይሕ ተኽሊ ኣብ በጀት ዓመት 2016/2017 ዓ/ም ናይ ተሸከርካርቲ መካይንን ሞተር ሳይክልን ፅገና ናይ ጉልበት ዋጋ ብግልፂ ጨረታ ኣዋዳዲሩ ከፅግን ወይ ግልጋሎት ክረክብ ይደሊ:: በዚ መሰረት ኣብቲ ጨረታ ክትሳተፉ እትደልዩ ግልጋሎት ወሃብቲ ነጋዶ በዚ ዝስዕብ ቃሒ መሰረት ንክትወዳደሩ ንዕድም::

• ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩምን ናይዚ ዓመት 2016 ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ ዘሃደሰን ግብሪ ዝኸፈለን ።

• ዝተጠቐሰ ሞዴል/Specification/ ምስራዝ ወይ ምቅያር ኣይካኣልን እይፍቀድን/ "

• ተመዝገብቲ ተወሳኺ እሴት ታክስ /ቫት/ ኮይኖም ብእዋኑ ናይ ወርሓዊ ዲክለረሽን ሪፖርት ዝገበርሉ ዋንኡን ምሰ ሓደ ኮፒ መረዳእታ ካቕርብ ዝኽእል።

• ዝተሓደሰ መቅረባይነትን ንግዲ ፍቃድን ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ካርዲ ቲን ቁፅሪ ዘለኩምን።

• ንሓደ ደኩመንት ዘይምለስ ንመኪና ፅገና ብር 200 / ክልተ ሚኢቲ ብር / ሞተር ሳይክል ፅገና ብር 150 /ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ብር/ ኣብ ቤት ፅሕፈት ል/እ/ምም/ር ፋይናንስ ወረዳ ቀይሕ ተኽሊ ብምግዛእ ክሳተፍ ዝደሊ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

• ብቢሮ ኮንስትራክሽን መንገድ ትራንስፖርት ብዝተውሃበ ብቕዓት መረጋገፂ ሰርትፍኬት ስራሕ ጋራዥ መረዳእታ ካቕርብ ዝክእል /ዘለዎ/ ደረጅኡ ዝሓለወ ካቕርብ ዝኽእል።

• ስፍሓት ናይ መፀገኒ ቦታ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ፅሬትን መዕለልን ዘተኣማምን

• እኹል ዝኮነ መሳርሕን ናይ መፀገኒ መቅመጢ ቦታን ዘለዎ።

• ናይ ወረዳና መኪና ኣብ ዝተዋፈራሉ ዓውደ ስራሕቲ ገጠራት ቀይሕ ተኽሊ ስብራት እንትገጥመን ናይ ጉልበት ዋጋ ባዕሉ ሸፊኑ ኣብቲ ዝተሰበረትሉ ቦታ ከይዱ ክዕግን ዝኽእል ።

• ናይቲ ጋራዥ ዘለዎ ናይ መስርሒ ቦታን – ድሕንነትን ሙሉእ ሓላፍነት ዝወስድ "

• መሸነይ ዝፍለጥ ናይ ሕድ ሕድ ዝተመልአ ዋጋ ናይ ኩሉ ዓይነት ፅገና ተመሊኡ ዝቕርበ ዋጋ ተደሚሩ ዝነኣሰ ዋጋ ይወስድ ወይ ሰዓሪ ይኸውን።

• ዛሸነፈ ትካል ተነጊርዎ ናይ ምትእጉጓል ፀባይ : እንተየርአየ ን ምፅጋን ንብረት ምስ ቕረበ ብእዋኑ ንቀሊል ፅገና ኣብ ውሽጢ 2 መዓልቲ ን ከቢድ ዕገና /ሞተር ምውራድ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ክዕግን ዝኽእል ።

• እቲ ጋራዥ ከም ትካል ብፅገና ዘለዎም - ስራሕ ልምዲ ኣብተን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ዓይነት ናይ ወረዳና መኪና ዘለዎ ተሞኩሮን ስራሕ ልምድን ሓይሊ ሰብን ምስ ሰርትፊኬቶም ዝተመረቐሉ ዓውደ ፅገና / ክገልፅ ዝኽእል መረዳእታ ካቕርብ ዝኽእል ።

• ድሕሪ ዕገና ኣብ ዝሓፀረ እዋን ንዛጋጥም ተመሳሳሊ ብልሽት ኣብ ምፅጋን ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ብልሽት እንታጋጥም ብዘይ ዳግም ክፍሊት ክፅግን ዝኽእል።

• ተገዚኡ ዝመፅእ ናይ መኪና መለዋወጢ ኦርጅናል ትክክለኛ / ምካኑ ምርግጋፅን ሓላፍነትን ኣብ ምውሳድ ብፅሑፍ ከረጋግፅ ዝኽእል።

• ንመኽበሪ ጨረታ ንመኪና 5000 ብር / ሓሙሽተ ሽሕ ብር/ ንሞተር ሳይክል 3,000 ብር ሰለስተ ሽሕ ብር / ብcpo ወይ ብጥረ ገንዘብ ጥራሕ ክትሕዝ ዝኽእል።

• ዋጋ ፀኒዑ ዝፀነሐሉ እዋን 40 መዓልቲ ይኸውን ።

• ኣብዚ ጨረታ ዝሳተፍ ሰብ ሞያ ጋራጃት መኪና ዝፅግኑ ደረጃ 3ን ልዕሊኡን ዝኮነ ፍቃድ ዘለዎ ክኾኑ አለዎም።

• እዚ ጨረታ ተጫራታይ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዘለዎ ይኸፈት በቲ ዝተብሃለ እዋንን ቦታ ንእንድሕር ዘይተረኽቡ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብዘይለውሉ ዝኸፈት ምኟኑ።

• እቲ ጨረታ ናይ በዓል ዋና ሕጋዊ ማሕተምን ፍርማን ኣብ ሕድሕድ ገፅ ክህልዎ ይግባእ "

• እዚ ጨረታ ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኦርጅናልን ንኮፕን ነንበይኑ ኣተሓሒዙ ናብ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳፁን ካኣትው ኣለዎ።

• ሰነድ ዝሸወጠሉ ግዜ ካብ ዕለት 17/ 12 /2016 ዓ/ም ክሳብ 27/12 /2016 ዓ/ም ይኸውን ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

• እቲ ጨረታ ዕለት 27 / 12 /2016 ዓ/ም ልክዕ ስዓት 4፡30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 5፡00 ይኸፈት። ዝኸፈተሉ ቦታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ል/እ/ምም/ር ፋይናንስ ወረዳ ቀይሕ ተኸሊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስ ንብረት ምምሕዳር ከተማ ወርቃምባ ቢሮ ቁፅሪ 7 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘለውሉ ይክፈት "

• ተጫረቲ ብዘይ ምርካቦም ጨረታ ምክፋት ኣይተኣጋገልን ።

• ቤት ፅሕፈት ል/እ/ምም/ር ፋይናንስ ወ/ቀይሕ ተኽሊ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ

ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

• አድራሻ 0924486312 /0914092520

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle